**ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣሻፈንቡርግ ከባቢኣን(ጀርመን)**
**ኣብቲ ዓመታዊ ብምምሕዳር ከተማ ኣሻፈንቡርግ ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታት ዝካየድ ፡ባህላዊ በዓል**
**ንሃገሮም ወኪሎም ካብ ዕለት 14 ክሳብ 16 ሓምለ 2017 ብሓበን ጸምቢሎም**



*ኤርትራውያን ተቐማጦ ጀርመናዊት ከተማ ኣሻፈንቡርግ ንመበል ራብዓይ ዓመቱ ዝካየድ ዘሎ ስነ ስርዓት ካብ ዕለት 14 ክሳብ 16 ሓምለ 2017 ፡ ብምምሕዳር ከተማ ዝካየድ ዓመታዊ ባህላዊ ብዓል ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታት፡ ሃገሮምን ህዝቦምን ወኪሎም ኣብ ዝተኻፈለልሉ ፡ ንወጻእተኛታት ተሳተፍቲ በዓል በቲ ዘሕብን መግለጽ ኤርትራዊ ዝኾነ ባህላዊ ሃገራዊ ትሕዝቶን ብምብርካትን፡ ምእንጋድን ፤ ባህላዊ ኣመጋግባን ኣነባብራን ምስሊ ኤርትራ ኩነታት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምልላይ፤ ሓቐኛ ምስሊን ታሪኽ ኤርትራ፤ውህደት ብሄርን ሃይማኖትን፡ ኣገደስቲ ህሉውን ታሪኻውን ሓብረታት ዝሓዙ ጽሑፋት ብምዕዳልን ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ሃገሮምን ጭዋ ውሕሉልን ደላይ ዝኾነ ባህልን ባህርያትን ህዝቢ ኤርትራ ኣቶኪሮም ኣምባሳደራት ሃገሮም ከይኖም ንወጻእተኛ ዜጋታት ከላልዩን ፤ኤርትራ በጺሓቶ ዘላ ሓፈሻዊ ምዕባለን ኣመጻጽኣ ናጽነትን ናይ ዩኒሰፍ ጠመተ ኣብ ቅርስታት ኤርትራ ዘርኢ ስእላዊ መግለጽን ምቕራብ ፣ገለ ካብ ኣፍሪካን ፌስትቫል( በዓል ኣፍሪቃውያን))ኣብ ኣሻፈንቡርግ ካብ ዝቐረቡ ናይ ሎሚ ዓመት በዓል እዩ። ብዙሓት ካብ ተዓዘብቲ ጀርመናውያንን ካልኦትን ዝተሳተፍዎ ኣዝዩ ምዕሪግ በዓል ናይ ሰለስተ መዓልቲ ተኻይዱ።*

*መዓላ ኣታዊ ናይ ዘካይድዎ ንጥፈታት ድማ*

1. *ንኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ስድራ ስውኣት ምንባይ፥*
2. *ምስ ኣብ ስዊዘርናንድ ድርከብ ማሕበር ስኩ ተደናጋጺ ኤርትራ ተሓጋጊዝካ ንጽሙማን ዝስደድ ሓገዝ ምብርካት*
3. *ንሓካይም ብዘይ ዶብ ናብ ኤርትራ ከይዶም ዘድሊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክገብሩ ናይ ኣየር ትኬቶም ወጻኢታት ምሽፋን*
4. *ንጡረተኛታት ኪኢላታት ሕክምና ናይ ኣየር ትኪቶም ሸፊንካ ናብ ኤርትራ ኣትዮም ኣበርክቶ ክገብሩ ምሕጋዝ*

*ዝውዕል ኣብነታዊ ሃገራዊ ዕማም እዩ።*

*ኣብቲ ኣፍሪካን ፌስት (ኣፍሪቃዊ በዓል) ካብ ብዙሕ ከባቢታት ዝመጹ ኣጋይሽን ሰበ ስልጣን ኪኢላታትን ምንባሮም ዓቢ ዓወት እዩ ፣ካብቶም ኣብቲ በዓል ዝተረኽቡ፣ ወ/ሮ ማርቲና ፌልነር (Frau Martina Fehlner ) ናይ ሰልፊ ኤ ስ ፐ ደ ( SPD Partei) ባየር ሓላፊት ኣብቲ በዓል ተረኺባ ነዚ ምዕሩግን ናይ ሕልና ስራሕን ንቐጻሊ ክትድግፎ ምኺና ሓቢራ። ካብ ኣካየድቲ እቲ በዓል ዙርያን ምስሊ ኤርትራ ዝገልጽ መጽሓፍ ጀርመን ትግርኛ ተለጊሱላ ።ኣብቲ በዓል ከካብ ከባቢኡ ዝመጹ ናይ ምትሕግጋዝ ምትብባዕን ከም ዝገበሩ ይፍለጥ ።*

*ኩሎም ተሳተፍቲ ኤርትራዊ ባሃላዊ ሳዕስዒት ኩሎም ግዱሳት ኤርትራውያን ንመግለጽ ሓድነቶም ደገፎምን ካብ ተፈላለየ ከተማታት ነቲ ዓመታዊ ባህላዊ በዓል ንኽዕወቱ ኩሉ ንጥፈታት ሰሚሮም ብውህደት ባህ ኢልዎም ብምውሳእን ብዝሃቦም ዕግበትን ብተሳተፍቲ ብዓል ዓቢ ኣድናቖት ብምትራፍ ሰምበት ዕለት 16 ሓምለ 2017 እቲ መደብ ብሕጉስ መንፈስን ተዛዘመ ።*

*ኣዳለውቲ መደብ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣሻፈንቡርግ ከባቢኣን ድማ በቲ ካብ ቀረባን ርሑቕን ንኽተባብዑ ዝመጹ ግዱሳት ሃገራውያን ድማ ዕዙዝ ምስጋና የቕርቡ።*

*ዓወት ንሓፋሽ*
*ብግዱሳት ተኸታልቲ ምደብ* *ዕለት 16. 07. 2017*